# „ንኽንክተሎ ተዓዲምናሉ ኣብ ዘሎና ዕለት ንክንበጽሕ፡- ዕድልን-መረዳእታን ምርካብ፡ ክንደይ ሰናይ-ነገር’ዩ!!“

ኣብ ዓለም-ለኻውን፡ ጉጅላውን፡ ልማድ ማሕበረ-ሰብ፣ ናይ ሕደሳን ናይ ካልእን-ኩነት ለውጢ ብምድላይ ኣብ ኣደባባይ ወጺእካ ምጭራሕን፣ እወ ኣሎኹ-ኣሎና ብምባል ጥርዓን ምቕራብ ልሙድ’ዩ። ብፍላይ መሰል ደቂ-ሰባት ንምእንቲ ክሕሎ ተባሂሉ፡- ሃገራውን፡ ዓለም-ለኻውን መሪሕ ዚኾነ-ልባስ ዘጠቃለለ፡ „ሕጊ ወይ ቅዋም“ ኣብ ዝተጨበጠሉ ከባቢ እንተ-ኣሎኻ ማለት’ዩ፣፣ ኣብ ዝቀደሙ ናይ ዘመነ-ብሉይ-ኪዳን ግዝኣታት-ዓለም፡ ዝተፈልየ ኣገባበ-ትግባሬ ነይሩዎ እንተ-ተባህለ’ውን፡ ከም’ቲ ዝነበሮም ደረጃ ሰብኣዊ-ጥበቦም፣ ንሓባራዊ ሸውሃቶምን፡ ትምኒቶምን፡ ብርኡይ ዚኾነ ግዳማዊ ጭርሖ፣ ኣሎና ካብ ምባል፡ ዓዲ ከም-ዘይወዓሉ፣ እቱይ ከም-መዘክር ኰይኑ ተዓቂቡ ዝተረኽበን፡ ዝተዘንተወን ታሪኽ-ዓለም ዘመስክሮ ምኺኑ ሎሚ-ብሎሚኡ ኣሉታ እንህቦ ነጥቢ ኣይኮነን። ሕዝቢ ብቀቢላታት፣ ከባቢ-መሬት ከዓ ብዞባታትን፡ ሃገራትን፡ ተኸፋፊሉ ክምሕደር ኣብ ዝተለምደሉ ዘመነ፣ ኣብ ኰረሻ-ንግሥነት ዝቕመጥ „ብጠባዩን፡ ስነ-ልቦናኡን፡ ምሩጽን፡ ልዑልን፡ ኰይኑ ዚተረኽበ ውሉድ“ ምስ-ተቐላቐለ፣ እቶም ኣብ ትሕቲ ናይ ምሕደራኡ ክልል ዚርከቡ ዜጋታት፣ ሓባራዊ-ምረቓ ከም-ዚኾነ ዘመልክት፡ ናይ ሓጐስ „ሆህታ“ የስምዑ ነበሩ። ሕሱም ዚኾነ ናይ ወራር ዕለታት እንተ-ተቐላቐል’ውን፡ „ሆህ እናበሉ መተባብዒ ዚኾኖም ጭርሖታት ብምንጥልጣል እናተበራረዩ ንክጭድሩ“ ልማዶም ነበረ። ታሪኻዊ ውርሻ ብምኺን ከዓ ኣብ’ዚ በጺሕናሉ ዘሎና ህልው-ዘመና፡ ንመንፈሳውን-ሥጋውን ኩነተ-ኣከያይዳና ብሩህ ኣረኣእያ ንምእንቲ ክነቀስም ብምባል፣ መመዛዘኒ-ኣብነት ገይርና ነዘንትዎ ኣሎና። ኣብ መፈለሚት ዝከረ-ዕለተ-ሕማማት ዚኾነት ሰንበተ-ሆሣዕናን፡ ዝቕጽላ፡ ናይ ሕማማትን፡ ሞትን፡ ትንሣኤን ዕለታት ከዓ፡ ተመሳሳሊ ንዚኾነ ታሪከ-ፍጻሜ ናይ መምህርና ክርስቶስ፡ ከም ግላዊ-መጸዋዕታና፣ ንድምጹ ንምእንቲ ከነዳምጾ፡ ኣብ እንዕደመሉ መንፈሳዊ-ጉባኤታትና፣ ከም ሰናይ-ልማድ ገይርና ናይ ተጋብኦን-ኣሕብሮን ሥርዓታትና ከነመቻችእ ንርከብ። ኢየሱስ ካብ’ታ ናይ’ቶም ሰለስተው ኣሕዋት ዚኾኑ፡- ማርታን፡ ማርያምን፡ ኣልኣዛርን ዚተባህሉ ዝቕመጡላ ዚነበሩ „ቀኾት-ቢታንያ“ ናብ ከተማ ኢየሩሳሌም ምስ ኣርድእቱ ተተሓሒዙ ኪኣቱ ኣብ ዝተረኸበሉ እዋን (ዮሓ.12=1..፣ ማቴ.21=1..፣ ማር..11=1...፣ ሉቃ.19=28..፣)፡- ከም’ቲ ናይ’ቶም ቅድሜኡ ዚሓለፉ ነገሥታትን፡ ታሪኾምን፡ ዝሰነዶ ጭብጥነት፣ ተመሳሳሊ ገምጋም ዚወሃቦ ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ካብኡ ብዝለዓለ ናእዳን፡ ለውጥን፡ ዘትረፈ ኵውንነት ከም-ዝተመዝገበ’ዩ። እቶም ኣሰነይቱ ኰይኖም ዚተረኽቡ ኣይሁዳውያንን፡ ካልኦት ዜጋን፡ ሓለፍቲ-መንገድን፡ ነበርትን፡ ብሓበራ፣ ዚለዓለ-እምነት ናባኡ ኣሕዲሮም፣ ነቲ ብድኹም-ምሕደራ ኣሕዋቶም፡ „ቈሲሉን፡ ሰንከልኪል“ ኢሉን ዝርከብ ንዝነበረ ግዝኣቶምን፡ እንታይነቶምን፡ ምሕደራ-ሃይማኖቶምን፣ ናብ ንቡር ኩነቱ መሊሱ፡ „ኪፍውሶን፡ ኪሕብሕቦን“ ኪርከብ ዚኽእል፡ „ንብሕትኡ ንሱ እዚ ኢየሱስ ዚብልዎ ነቢይ“ ጥራሕ’ዩ ብምባል፣ „ብሓዲስ ሆህታ“፣ ከዕጅብዎ ከም-ዝተረኽቡ ብተግባር ተመስኪሩ’ዩ። ኣመጻጽኣ ኢየሱስ ግን ካልእ ኣቕጣጫን፡

ኣገባብን፡ ብምኽታል፣ ካብ’ቶም ናይ ዚቀደሙ ነቢያትን፡ ነገሥታትን ኲነት፡ ፍልይ ዚበለ ብምኺን፣ ናይ ትሕትናን፡ ናይ መንፈሳውነትን፡ „ረዚን-ካባ“ ለቢሱ፡ ተቀላቂሉዎም። ኣብ’ታ ዚተሓተትን፡ ዚሓሰረትን፡ ኣገልጋሊት ደቂ-ሰባት ዚኾነት እንስሳ-ዘቤት „ግልገል-ኣድጊ“ ክውጣሕ ተረኺቡ። ነቲ ነቢይ ዘካርያስ ንዝተነበዮ ቃለ-ዓዋዲ ብምእዋጅ ከዓ፡ „ናይ ሰላም-ንጉሥ“ ኰይኑ ይመጽእ ከም-ዘሎ ሓበሮም። ኣንጻር ግዝኣት ሮማን፡ ካልእ ንኣኡ ንዚመሳሰል ግዝኣታትን ንኸዕሉ፣ ወይ’ውን፡ ውግእ ንከመርሕ ኢዱ ዘልዓለን፣ ተፀናጻኒ ናይ’ቶም፡ ድሮ ኣብ ኰረሻ-ሥልጣን ናይ ዘሎዉ ከም-ዘይኮነ’ውን ግልጺ ገበረሎም። ብዝለዓለ-ደረጃ ከዓ፡ ኣብ’ታ መወዳእታ ናይ „ፈነወ-ሰዓተ-ድራር“፡ ማለት፡- „ዕለተ-ጸሎተ-ሓሙስ“፡ ወይ’ውን፡ „ሕጽበተ-እግር“፡ ነቲ „እንጌራን፡ ወይንን“ ባሪኹ፡ ንነፍስ-ወከፎም ከባጽሓሎም እንከሎ፣ ንሱ በዚ ርኡይ ምልክት ገይሩ፡ „ንገዛእ-ርእሱ፡ ንምእንቲ ነፍስ-ወከፍ ምውፋይ እንተ-ዘይኰይኑ፣ (ሓቂ-ብሓቁ፡ ናይ ሰማይን-ምድርን ንጉሥ ንሱ ንብሕትኡ እንከሎ)፡ ነቲ ንኣና ንሰብኣውያን ንዝተዋህበ „ምድራዊ-ሥልጣን“ ክጭብጥ ከም-ዘይመጸ ኣነጸረሎም። እኳ’ውን ድኣ፡- „ናይ ቄሳር ዘበለ ንቄሳር፣ **ናይ ኣምላኽ ዘበለ ከዓ ንኣምላኽ**“ (ማቴ.22=21፣ማር.12=17፣ሉቃ.20=25) ብምባል ንጹር ዚኾነ ደረት ክሕንጽጸሎም ተረኽበ። እቱይ ኣብ’ዘን ናይ ዘመና ዕለታት ዚመሓላለፈልና ዘሎ ታሪኻዊ-መልእኽቲ ናይ’ዚ መምህርናን፡ ንጉሠ-ክርስትናን ዚኾነ ክርስቶስ፣ ብዓይነ-ጥበብን፡ እምነትን፡ ክንምልከቶ እንተ-ተገብኣና እንብኣር፡- ካብ’ቲ ጊዚያት ናይ ዕለተ-ሕማማቱ ኣትሒዙ ክሳብ ዕለተ-ትንሣኤኡ ኣብ ዝነበረ ሰዓታት ንዝተፈጸመ ድንቂ ንዚኾነ ተግባራተ-ድሕነት፣ ብልቢ ከነቋምቶም ከም-ዘሎና ምግንዛብ ከድልየና’ዩ። ሰላም ናይ ምእዋጅ ኲነት፤ ተግባረ-ፍቅሪ ናይ ምሕንጻጽ ኲነት፤ ኣብ ዓውደ-ቅድስናን፡ ምሕረትን፡ ናይ ምምራሽ ኲነት፤ ሓድነትን፡ ርትዕን፡ ፍትሕን፡ ኣብ ናይ ምስፋን ኲነት፤ ብተግባር ተዓጢቀና፡ ክንጽህይይ ከም-ዘሎና፡ ብሸለልትነት ዝርኤ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፡- ኣብ እንግድዓና ንዝተነብረ፡ እሞ ኸዓ ብምልኣት ዝምዘን፣ ብግላዊ ነፃነትና ኸዓ እንጾሮ፣ ክርስትያናዊ ረድኢነትና ዘመስክረልና፣ ኣብ ግንባርና ዝተወቀጥናዮ፣ ጐሊሑ ከኣ ክርኤ ዘሎዎ፣ መለለዩን-መመስከርን፡ ዕላመትና ስለ-ዝኾነን፣ ክኸውን ስለ-ዝግብኦን። ስለ’ዚ፡- ንዓና ነዞም ንተስፋ-ድሕነት እንኣምን ንዘበልና-ውሉድ ብሓበራ፡- መፈለሚት ዕለታት-ሕማማት ዚኾነት ዝክረ-ዕለተ-ሆሳዕና፡ ናይ ምስክርነት ዕለት’ዩ። ዝክረ-ዕለተ-ሓሙስ-ጽግቦ፡ ናይ ምርዋይን ምጽጋብን ምስሳይን ዕለት’ዩ። ዝክረ-ዕለተ-ዓርቢ-ስቅለት፡ ናይ ተወፋይነትን፡ ጽንዓትን፡ ቤዛነትን፡ ፍቅርን፡ ዕለት’ዩ። ዝክረ-ዕለተ-ትንሣኤ ከዓ፡ ናይ ዓወት፡ ናይ ፍስሓ፡ ናይ ብርሃን፡ ናይ ድሕነት ዕለት’ዩ’ሞ፡ ብመንፈሳውን ማሕበራውን መዳያትና፡ ሱታፌነትና እነዕዝዘሉን፡ እነዕብየሉን ንኹን።

ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ፣Stuttgart, den 15/16-04-2017